# ባሕቲ መስከረም
# ልደት ክቡር ምዕራፍ ኣብ ሃገራዊ ታሪኽ

.ሎሚ መበል 54 ዝክረ ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ሓደ መስከረም 1961፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ 40ታትን 50ታትን ንመሰል ርእሰ ውሳነኡ ዘካየዶ ሕጋዊ፡ ሰላማዊን ፖለቲካዊን ቃልሲ ሰማዒ እዝኒ ምስሰኣነ፡ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ብገዛእ ቅልጽሙ ከረጋግጽ፡ ንነዊሕን መሪርን ተጋድሎ ዝነቐለላ ዕለት ብምዃና፡ ልደትናይ ሓደ ረዚንን ክቡርን ምዕራፍ ኣብ ሃገራዊ ታሪኽና እያ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ባሕቲ መስከረም፡ ሰውራ ብምውላዕ፡ ሕድገት ዘየፍቅድ ምርጫኡ ንናጽነት እኳ እንተጉልሐ፡ እቲቃልሲ ካብ ፈለማ ምዕቡል ኮይኑ ኣይተወልደን። ምስ ግዜ ግን፡ ብፍላይ ድማ ምስ ምውላድ መሪሕ ውድብ ህ.ግ.፡እቲ ቃልሲ ቅኑዕ መኣዝን ብምሓዝ፡ ንመላእ ህዝቢ ዘስመረን ሓድነቱ ዘትረረን ሰፊሕ ናይ ቃልሲ ባይታ ብምፍጣር፡ሓደ ካብ ዓበይቲ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ዓለምና ክኸውን በቒዑ። ኣብዚ ነዊሕን መሪርን መስርሕ ቃልሲ፡ ህዝቢኤርትራ ስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰረቶም፡ ሓበን ህዝቢን ሃገርን ዝኾኑ ወርቃዊ መትከላትን ክብርታትን ከኹስኵስክኢሉ እዩ። ኣብ መንጎ ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ኤርትራ ብዘይ ኣፈላላይ ሃይማኖት፡ ጾታ፡ ቀቢላ፡ ቋንቋ፡ ባህሊንማሕበራዊ ቦታን ልዑል ስኒትን ጥምረትን ብምንዳቕ፤ ኩሎም ዜጋታት ከም ዕላማ ዝወስድዎ፡ ዝኣምንሉ፡ ዝምርሕሉ፡ዝከላኸልሉን ዝስውኡሉን መትከላት ብምምዕባል፤ ብመንነቱ ዝሕበን፡ ኣብ ገዛእ ሰባዊ ዓቕሙ ልዑል ምትእምማንዘለዎ፡ ብርቱዕ ህዝባዊ ስነኣእምሮ ክፈጥር በቒዑ እዩ።

ነቲ ዓለም ኣይከኣልን ዝበለቶ ቃልሲ ኣንጻር ርእሰሓያላን ከምዝከኣል ዝገበረ፡ ትሕት መሬት ክቕበር ዝተፈርደ ህዝባዊ መሰል ካብ መዓሙቕ ኣውጺኡ፡ ኣብ በሪኽ ዘፋንዘንበረ ረቂቕ ሓይሊ ከኣ፡ እዚ ሃገራዊ ክብርታት’ዚ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ነዚ ክብርታት’ዚ ባህሉ ገይሩ፡ ብዘይነግፈረግ ብጽንዓትን ሓድነትን ሳላ ዝተቓለሰ፡ ኩሉ ካብኡ ዝሕተት ክቡር ዋጋ ሳላ ዝኸፈለ ድማ፡ መሰል ርእሰውሳነኡ ካብ መንጋጋ ሓያላት መንዚዑ፡ ብኣንጸባራቒ ታሪኽ ኣኽሊል ሓርነት ደፊኡ።እዚ ኣብ ነዊሕ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተኹስኰሰ ክብርታት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ኣብቂዕዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ድሕሪናጽነት እውን ናብ ተረካቢ ሕድሪ ወለዶ ብምስጋር፡ ንህንጸት ስልጡን ሃገር ድልዱል መሰረት የንጽፍ ኣሎ።

ረዚንመስዋእቲ ከፊላ፡ ሓርነታ ዝተጓናጸፈት ኤርትራ፡ ብናጻ ፖለቲካዊ መስመርን ሕርያን፡ ብሰብኣዊን ሃገራዊን ክብረት፡ብመንፈስ ርእሰ ምርኰሳን ልዑል ልምዓታዊ ትግሃትን እትምርሽ ዘላ ሃገር ክትከውን ዘብቅዓ፤ እቲ ኣብ ጽንኩርገድላዊ ህይወት እተመልመለ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ሓርነት ውሳነ ዘፍቅር ኩነተ-ኣእምሮ ህዝባን መሪሕነታን እዩ።ሳላ’ዚ ገድለኛ ኩነተ-ኣእምሮ’ዚ፡ ኤርትራ፡ ምእንቲ ጥዑም ግን ግዝያዊ ፍታሕ ኢላ፡ ፖለቲካዊ ናጽነታ ዘግድዕኣቋራጭ መገዲ ኣይሓረየትን። ሓቅን ፍትሕን ዝጠልቦ ክቡር ዋጋን ምጽማምን

ክትከፍል ወትሩ ቅርብቲ ብምዃና፡ማዕበላት ሽርሒን ተጻብኦን፡ ውዲትን ብድሆን ከንዲ ዝተኾመረ ይኹመር፡ ካብቲ ጸኒዓ ዝሓዘቶ ናጻ መስመርኣየንደልሃጸትን። ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ፡ ልክዕ ከም ናጽነት፡ ቁጠባዊ ሓርነት እውን ብዕዮን ጻዕርንእምበር፡ ብልግሲ ዝርከብ ማና ከምዘይኮነ ብምእማን፡ ንፖለቲካዊ ይኹን ቁጠባዊ ጽግዕተኛነት "ኣይፋል!" ብምባል፡ነቲ ሓቀኛ መገዲ ክብረትን ብልጽግናን እዮም መሪጾም። ጉዕዞ ናጻ መስመር ድማ፡ ኤርትራ፡ ንመዋጽኦ ናብ ካልእከየቋመተት፡ ዓቕምን ክእለትን ዜጋታታ ብምሉኡ ንህንጸት ሃገር ኣኽቲታ፡ ኣብ ሓጺር ናይ ናጽነት ዕድመኣ፡ ንስሉጥቁጠባዊ ዕብየት ድልዱል መሰረት ከተንጽፍ ኣብቂዑዋ ኣሎ።ብኣጋጣሚ ዝኽሪ ናይዛ ክብርቲ ዕለት ባሕቲ መስከረም እምበኣር፡ እቲ ኣብ ነዊሕን መሪርን ሓርነታዊ ቃልሲዝሃነጽናዮ፣ ምስጢር ሓይልና፡ ብቕዓትና፡ ዜሕብን ሃገራዊ ታሪኽናን ቅያታትናን ዝኾነ ባህልን ክብርታትን ብቐጻልነት ንምዕቃቡ፡ ንምምዕባሉን ምድልዳሉን ቃልና ከነሐድስ ይግባእ። ዓወት ነቲ ዘይክኣል ዝተባህለ ዝኸኣለ፡ኩሉ ዝከኣሎ ጅግና ህዝቢ ኤርትራ!

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!

ዓወት ንሓፋሽ!

ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሒን

01 መስከረም 2015